# *እንተይ ተባህለ እንታይ ተገብረ?*

*እዚ ተኸታተሊ ጽሑፋት ኢዚ ኑቶም መሪሕነት ሰዲህኤ ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስን ንልዕና-ሕጊ ብምግሃስን ዝወሰዶም ሓድነት ሰልፊ ናይ ምፍራስ ወስታት እንታይ ከምዝመስሉ ህዝቢ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ ከምዝፈልጦም ንምግባር ዝቐርብ ዘሎ ኮይኑ፡ ብሓደ ሸንኽ “ንልዕልና-ሕጊ ዘይግዛእ ባህርያት ላዕለዋይ መሪሕነት ሰዲህኤ”፡ በቲ ካልእ ሸንኽ ካኣ “ሓደነት ሰልፊ ንምድሓን ዝተኻየዱ ጻዕርታት” እንታይ ከምዝመስሉ ንምጽብራቅ ኢዩ። ንልዕልና-ሕጊ ረጊጹ ንሕጊ መራሕቲ ዘይምእዘዝ፡ “ዲሞክራስያዊ” ኣይኮነን ዝብሉ፡ ኣብ ዕርቃኑ ወጺኡ ቀደም ዝፈሸለ ናይ ምብራቕ ዓለም (ናይ ስታሊንን ናይ ማኦን) ኣተሓሳስባ ዘዔሙ’ውን ስለዘልዉ፡ ዲሞክራሲ ማለት “ድምጺ ብዝሒ” ማለት ከምዘይኮነ ገለ መባራበሪ እንተኾናም ብማለት’ውን ኢዩ። ብተወሳኺ፡ “ዘበንኩም ዘበነ-ግርምቢጥ፡ ንባሩድ ኣሸቲቶም: ኃቦ ደይቦም፡ ዓቐብ ወጺኦም፡ ቈልቍል ወሪዶም፡ ኤርትራዊ መንነት ዝፈጠሩን ዘዕቘቡን ጀጋኑ፡ ብዶላር ዘሸቱቱ ዝነበሩን ብካሓድትን (those who committed treason) ዘቖጥቖጥ” ዓማጽን ዘይፍትሓውን ዘበን ምዃኑ ግንዛቤ እንተረኺብኩም’ውን ሕማቕ ኣይኮነን። ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ፡ “ድሕሪት ዝቐድሚቱስ፡ ንቕድሚት ዝኸዱ ንዘለዉ ንድሕሪት ዝከዱ ዘለው ይመስሎ” ስለዝኾነስ፡ ሕጂ “ንቐርኒ ጭራ” ኢዩ ኢሉኩም ከትነግሩና ምፍታንኩም’ውን ብዙሕ ዘገርም የብሉን። እንታይዳኣ’ም “ምጎጎ ድኻስ ኣብ ምርሳኑ ይቕህም” ከምዝባሃል፡ ጊዜ/ዘበን ሓዲግዎ ዝኸደ መሪሕነት፡ መሕደሪ/መቐነዩ እንተረኸበ ኣብ ምግፍጋፍ ኢዩ ዛኣቱ።*

*ሕጂ ካኣ እቲ ንሰዲህኤ ከም ካንሰር (cancer) ውሽጢ-ውሽጢ ክበልዖን ከሳቕዮን ዝጸንሐ፡ ናይ መለኸቲ ኣሰራርሓ፡ (1) ብኹረት ነጻ ሓጋጊ ኣካል (ማእከላይ ባይቶ) - ስልጣንን ሓላፍነትን ማእከላይ ባይቶ (ማባ) ብፈጻሚት ሸማግለ (ፈሸ) ዝተመንዘዐ፣ (2) ዓማጺ፣ ኣግላልን ገባትን ባህርያት ፈሸ፣ (3) ኣገደስቲ ሰልፋዊ ጉዳያት ውሕዳት ብምስጢር ቅድሚ ወግዓውያን ኣኬባታት: ኣኬባታት ብምክያድ (the meeting before the meeting) ዝውሰንሉ [ምስጥራዊት ሰልፊ (ውዳበ)] ቃልዕ ወጺኡ። እዞም ውሕዳት መራሕቲ ሰዲህኤ ዛሓዙ ሒዞም ካብ ሰዲህኤ “ተጎሊሎም” ከምዝኸዱ ይነግሩና ኣለዉ’ሞ: ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ “ባዓል ኣመል ኣመሉ ነይገድፍ” ኢዩ እልና ክንሓልፎ። ብቕርጹ ይኹን ብትሕዝትኡ ንሰዲህኤ ዘዕቘቦን ዝለበሶን፡ “እቲ ንመሪሕነት ሰልፊ ካብ ‘ደግሲ ምፍንጫላት’ ክገላገልን፡ ካብ መላኪ ባህርያቱ ንኽእረመን ከይተሓለሎ ክጽዕት ዝጸንሓ፡ ዝሰፍሐ መሰረታት ሰልፍን ኣገስቲ መራሕትን ዘጠቓለለ”፡ ናይ ምእራም ሓይሊ ስለዘሎ፡ ሰዲህኤ ከቕጽልን ምስ ዝሰፍሐ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ካኣ ተለኺኡ ክፍጽም ኢዩ። እዚ ብደግሲ ምፍንጫላት ዝሳቐ ዘሎ “ዝተጎለለ” ሓይሊ፡ ብቕርጺ ይኩን ብትሕዝቶ ንሰዲህኤ ዘይመስልን ንተልእኮ ሰዲህኤ ዘይውክልን ምዃኑ፡ ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራ ከስተባህለሉ ዘለዎ ሓቂ ኢዩ። ተልእኾ ሰዲህኤ፡ ምስፋን “ሓደነት፣ ፍትሒ፣ ሰላም፣ ፍቕሪ፣ ስኒትን ምክእኣልን” ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ፡ ሰዲህኤ ልሳን “ብደግሲ ምፍንጫላት” ዝሳቐዩ ውሕዳት መለኸቲ ከተሳሲ ኣይትኽእልን ኢ ይ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ባዓቶም ከገብሩዎ’ውን ኣይክእሉን ኢዮም።*

*“ኣደ ሓጺርሲ ጭሕሚ ምስኣውጸአ ትቕብጽ” ከምዝባሃል፡ መሪሕነት ሰልፊ ምስ ጊዜ ልቦና ይገብሩ ይኾኑ ዝብል ዝነበረ ትጽቢትና ኣይሰለጠን። ሕጂ፡ ቅዋም ሰልፊ ኣይትጥሓሱ፡ ልዕላን-ሕጊ ኣኽብሩ፡ ናይ ሰልፊ ጸገም ልቦና ገርኩም ብሰልፋዊ ዋዕላ ፍትሕዎ፡ ትጋገዩ ኣለኹም ገይጋኹም ኣርሙ ኢሎም ሓድነት ሰልፊ ንምሕላውን ንምዕቃብን ንኽቃለሱ ዝጸንሑን ዘለዉን መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን ካብ ሰልፊ ናይ ምግላልን ምስጓግን ውሳኔታት ላዕለዋ መሪሕነት ሰልፍ ውሲዱስ ኣብ ምትግባሩ ይርከብ ኣሎ። ሕሉፍ-ሓሊፎም ንኣሕልቖትኹም መራሕቲ ከመይ ገርኩም ተጋጊኹም ትብሉ፡ ሕጂ “ዋዕላ” ዘይኮነስ፡ “መዲድ ተሰኪምኩም ተምበርኪኹም ይቕርታ ክትሓቱ ኣለኩም” ክብሉ ጀሚሮም ኣለዉ። ኣብ ባህልና እኳ ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራ-ቤት ዝፍጠር ባኣሲ፡ “መዲድ ብምስካም” ይቕርታ ተሓታቲትካ ኣይኮነን ዝውገን፡ ይኹን ካኣ፡ ኑቶም ተጋጊኹም ዝበልዎም ከም ጓኖት ገይሮም እንተቖጸርዎም’ውን፡ ኑታ መዲድ ተሰኪሙ መን ይቕርታ ክሓትት ከምዝግበኦ ንምፍላጥሲ ናብታ “ሰልፋዊ ዋዕላ” ምኸድ ተድሊ ኢያ። እቲ ጸገም ግን፡ መሪሕነት ሰልፊ “ባዕሉ ከሳሲ፡ ባዕሉ ምጓቲ፡ ባዕሉ ፈራዲ ስለዝኾነን፡ ንባዕሉ ርእሲ-ሕጊ ገይሩ ስለዝቖጽርን” ኣብ “ሰልፋዊ ዋዕላ” ኣቲኹም ብዛዕባ ሰዲህኤ ምዝታይስ ይትረፍኩም፡ “መዲድ ተሰኪምኩም ይቕርታ ሕተቱ” ምባል ምጅማሩ ኢዩ። ሰባት ካብ ቃልሲ እንተብኾሩ፡ ንሱ ዝተዓወተ ዝመስሎ መሪሕነት ሰዲህኤ፡ ቅድሚ ሕጂ ብሰንኪ ዝወሰዶም “ጉጉያት ኣታኣላልያ ግርጭታት” ካብ ቃሲ ኣልጊሶም/በኹሮም ንዝብለም ተቃለስቲ እንዳጸጸበ፡ ርእዩኒ ይዕወት ኣለኹ ክብለና’ውን ይፍትን ኣሎ። “ሕጂ’ውን ነዞም ተጋጊካ ተኣረም ዝብሉኒ ዘልዉ፡ ‘መዲድ ተሰኪምም ይቕርታ እንተዘይሓቲቶም፡ ካብ ቃልሲ ከምዝበኹሩ ክገብር ኢየ፡ ዓወተይ ካኣ ቀጻሊ ኢዩ” ዝብል ቃና ከሰምዕ ጀሚሩ ኣሎ። ብዝኮነ፡ “እንተዝይመትከን ጥዕና ኣለክን” ኢልካ ክሕለፍ ይካኣል እኳ እንተኾነ፡ ብከምዚ ዓይነት ናይ “ኣግለልትን፡ ገበትን፡ መለኽትን” ቃና ካብ ፍትሓዊ ቃልሲ ዝበኩር ኣካል ከምዘየል እዚ “ጉላል” መሪሕነት ሰዲህኤ ኣቓዲሙ እንተተገንዘቦ’ውን ሕማቕ ኣይኾውንን።*

*ካብ ታሪኽ ዘይተማህሩ ግን ካኣ ናይ ታሪክ ተንተንቲ ከኾኑ ዝደልዩን፡ ናይ “ምብራቕ ዓለም ዲሞክራሲ” ፈሊጣን ኢና ባሃልትን፡ “ልዕልና መራሕቲ” እምበር “ልዕልና-ሕጊ” የልቦን፡ ዝዓይነቱ ናይ መለኸቲ መዝሙር ከሰምዑና ካብዝጅምሩ’ውን ሓይለ ጊዜ ኮይኑ ኣሎ። ‘ቅዋም ሰልፊ ኣይትጥሓሱ፡ ንልዕልና-ሕጊ ተማእዘዙ’ እንተተባህሉ፡ ሓንቲ ዝኣፎም፡ “ከምኡ ኣይትበሉና፡ ኣብ ጉባኤ እንዲና ተመርጽና” ኢዮም ዝብሉ። ኣብ ጉባኤ እንዲና ተመሪጽና! እሞ ኣብ ጉባኤ ስለዝተመረጽካ “ኣይትጋገን ማለት ዱዩ? ወይስ ንኽትገ ገ መስል ኣለካ፡ ዝሓተካ’ውን የልቦን ማልት ዶ ኾን ይኸውን?” ከምኡ ኢዩ ኢዮም ክብሉና ዝደልዩ ዘለዉ። እዚኦን ኩለን ካኣ ናይ መለኸትን ዓመጽትን ጠባያት ኢየን። እቲ ዘገርም፡ ከምታ ኢሳያስ ንፍትሒ ኣይትቃለሱ ዝብላ፡ እዚኣቶም’ውን ከምኡ ክብሉና ምህቃኖም ኢዩ። ንሕና፡ እቶም ንሰዲህኤ ዝለበስናዮ፡ ዝጓሰናዮን ዝሃነጽናዮን ጥራሕ ዘይኮናስ፡ ምስልናን ቅርጽናን ትሕዝቶና ንሱ (ሰዲህኤ) ዝኾና ኣካላት፡ ካብ ሰዲህኤ ኪዱ ክብሉና’ውን ይሕንጠዩ ጸኒሖምን ኣለዉን። ሰዲህኤ ዶ ካብ ሰዲህኤ ክኸይድ ይኽእል ኢዩ? ኪድ እኳ ኣይንብሎን (ብሰልፋዊ ዋዕላ ኣብልና ዘለና ፍልልያት ንፍታሕ ኢና ንብል ጸኒሕናን ዘለናን)፡ ክኸይድ እንተደለየ ግን እቲ ነብሱ ዝጎለለን፡ ንቅዋም ሰልፊ ዝጠሓሰን፡ ንልዕልና-ሕጊ ዝረገጸን፡ ናይ “ሸልጊ” በትሩ ኣወጣዊጡ ሸልግ ክብል ዝጸንሓ መሪሕነት ሰልፍን ሳዓብቱን ዝሓዘ ጉጅለ ኢዩ ዝኸይድ።*

*“ማዓስ ኢና ምስጓግ ንጅምር?”፣ “ንሕናን (ሰህኤ/ሰውራዊ-ባይቶ) ጋሸን ሰቲትን ኮይና ክንቅጽል ንኽእል ኢና፡ እቶም ካለኦት (ሰዲኤን ካሎትን) ይኪዱ”፣ “ሰልፊ እንተተግምዐ ጸግም የልቦን፡ ምንም ኣይንኾውንን ኢና”፣ “ዝሃውተቱን ዝተጀንዱን ኣለዉ፡ ይኪዱ”፣ ወዘተ እንዳበሉን፡ ንቕዋም ሰልፊ ምብጥሓስን ልዕልና-ሕግ ብምግሃስን ኣባላት እንዳኣደስከሉን ካብ ሰልፊ ከምዘልግሱ እንዳገበሩን ኣባ*

*ዲይላታትን ደባሎን ኮይኖም ናይ ምፍንጫል መለኸት ከነፍሑ ዝጸንሑ፡ ላዕለዎት መራሕቲ ሰዲህኤ ነበር፡ ኢዮም ተፈንጨልትን ኣፍረሰትን። እቲ ንፍትሒ ከቃለሰ ዝጸንሐን ዘሎን መሰረታት ሰልፊ፡ እምቢ ንዓምጽ፣ ንምልኪን ንምጒላልን ብምባል፡ ናይ ምፍንጫል ኣጀንዳ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ስለዝነጸገን ኣንጻሩ ደው ብምባል ስለዝተቓለሶን፡ ሕጂ "ሓድነት ሰዲህኤ" ኪድሕን ኪኢሉ ኣሎ። መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ "ከም ቀደም ይመስለክን —" ከምዝባሃል ኮይንዎ፡ ዘይ ከምዝሓሰቦ፡ ካብቲ ሓደ (ሰህኤ/ሰውራዊ-ባይቶ) ሸንኽ ኣባላት ዝነበሩ፡ "ውሑዳት" ጥራሕ ሒዙ ካብ ውዕል ሓድነት ሃዲሙ ኣሎ። መብዝሕትኡን እቲ ልሉይን ብወገን ሰህኤ/ሰውራዊ-ባይቶ ዝመጸ ኣባልን ኩሉ እቲ በወገን ሰዲኤ ዘመጸ ኣባልን፡ ኣብ ጎድኒ ፍትሒ ደው ብምባል፡ ንሓድነት ሰዲህኤ ንምድሓንን ንምዕኻኽን ከይተሓለሎ ከሰርሕ ስለዝጸንሐን ዘሎን፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዝመርሖ ናይ ምጒላልን ንሓድነት ሰዲህኤ ናይ ምስባርን ኣጀንዳ ኣይተዓወተን። ሓድነት ሰዲህኤ (እቲ ናይ ክልተ ድሕረ-ባይታታት ዘካተተ ውህደትን ንሱ ዝፈጠሮ ክውንነትን) ህያው ኮይን ይቕጽል ኣሎ።*

*መቸስ፡ ሕሱም መላኪ፡ "ቅጥቅጥ ቅጥቅጥ ኣቢሉ፡ ሃየይ ኣይትበል" እንዲዩ ዝብለካ፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ካኣ ከምዚ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ፡ ሓድነት ሰልፍና እንዳኣፈሱ ከለዉ፡ መሰረታት ሰቕ ከንብል ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዝበሉና ከንገብር ግዴታ ከምዘለና ኢዮም'ውን ክነግሩና ፈቲኖም። መሪሕነት ሰልፊ ማለት ሰልፊ ማለት ኢዩ ክብሉ ዝደልይ'ውን ኣይተሳእኑን። ዝለሽኮነ፡ መሪሕነት ዝብሎ ኩሉ ሓቂ፣ ፍትሒ፣ ሕጊን ርትዕን ኢዩ'ም ንመሪሕነት ሰልፊ ተጋጊኻ ምባልን ምቅዋምን ማለት ንሰልፊ ተጋጊኻ ምባልን ምቅዋምን ማለት ኢዩ ኢዮም ክብሉ ዝደልዩ። ከምዛ ናይ ህግደፍን ሳዓብቱን ዝዓይነታ (ኣብ ሞንጎ ሃገር-ኤርትራን ስርዓት-ምሕደራ ( መንግስቲ) ኤርትራን) ምትሕውዋስ ኢያ ትመስል። እቲ ሓቂ ግን፡ ሰዲህኤ ንመሰረታቱ (ከም ቀንዲ መሰረት)፣ ንመሪሕነትን (በብደረጃኡ)፡ ንክልቲኦም ከም ገመድ ዝጠምርን ናይ ሓባር ባይታን ዝኾነ ካኣ እቲ "ብቅዋም" ዝፍለጥ ናይ ሰልፊ "ሕገ-ህንጻ" (constitution) ዝጠቓለል ኢዩ። ስለዝኮነ ካኣ፡ መሪሕነት ሰልፊ፡ ሓደ ኣካል ሰልፊ ዳኣ'ምበር ሰልፊ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ንቅዋም ሰልፊ ብምኽባርን ንልዕልና-ሕጊ ተገዚኢ ብምኳንን ጥራሕ ኢዩ ከመርሕ መሰረታት ፍቓድ ዝህቦ። ኹሉም፡ ቅዋም ሰልፊ ጢሒሱ ዝውሰኖም ውሳኔታት ይኹኑ ዝወስዶም ተግባራት ንጹጋትን ዘይቅዋማውን ኢዮም ዝኾኑ። እቲ ኣራማይ መሰረታት ሰዲህኤ ካኣ ንሱ ኢዩ ኢሉ።*

*ስልዚ፡ "መሪሕነት ሰልፊ ንልዕልና-ሕጊ ተገዚእን ቅዋም ሰልፊ ከኽብር ኣለውን እንተተባህለስ፡ "መሪሕነት ሰልፊ ኣብ ጉባኤ ስለዝተመርጸ፣ ብድምጺ ብዝሒ ስለዝወሰነ፣ ወዘተ" ዝዓይነቱ ምጉት ምልዓል፡ ከምቲ "ከብቲ ኣብዘይዋዓለኦስ ኩቦ ምእራይ" ዝባሃል ኢዩ ኢልና ከንሓልፎ። ከምቲ "ዓይኒ ከዳዕሲ ነባዕ" ዝባሃል፡ እንታይ ዳኣ ኢዩ እዚ ኩሉ ንሓንሳብ "ሃብታማት ስለዝኮኑ ዶ"፣ ንሓንሳብ "መዲድ ተሓንጊጥኹም ተምበርኪኹም ይቕርታ እንተዘይ ሓትትኩም ዶ"፣ ንሓንሳብ " ከምቶም ካለኦት ከሓቁ ኢዮም ዶ"፣ ንሓንሳብ ኩሉ ናይ ምፍንጫል ሓረጋት ምጥቃም ምሰወድኡ፡ "ብሓንሳ እኾ ክንሰርሕ ንኽእል ኢና ዶ"፣ ንሓንሳብ ካኣ "ናብ ኢትዮጵያ ክንከይድ ኣይደልዩናን ኢዮም ዶ"፣ ወዘተ እንዳበሉ "ንባዓት ሓርገጽ" ዝዓይነቱ፡ ንብዓት ከነብው ዝደልዩ ዘለዉ? እቲ ካልእ ገድፍና፡ "ልግስን ህያብን፡ ምልኣት ልቦና'ምበር ምልኣት ሃብትን ጺጋን" ከምዘይኮነ፡ ምግንዛቡ ኣይከፍእን ኢዩ ንብል። እንተ፡ ንሰዲህኤ ንበቆ ሃብቲ፣ ዓቕሚ፣ ጊዜ፣ ክእለትን ኣቃልቦን ከምዘይነበረን ከምዘይየሎን ከምዘህሉን'ውን ክንሕብሮም ንፈቱ። "ጨሊ ጥካ ምቅላስ ማለት ካኣ ከምኡ ኢዩ።" ንሱ ስለዝኾነ ኢዩ ካኣ፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ንሓድነት ሰልፊ ዝብሕጉጉን ዘፍርሱን ወስታታ (ኣብ ታሕቲ ዘሎ ጽሕፍ ተመልከት) እንዳወሰድ ከሎ፡ ኣይፋል ጸገማት ሰልፊ ብሰልፋዊ ዋዕላ ኣብልና ንፍታሖ እንዳበልና ንሓድነት ሰልፊ ንምድሓን ልቦና ዝመልኦ ዘይተሓለለ ቃልሲ ከንካይድ ጸኒሕና። ሕጂ ሓድነት ሰልፊ ዲሕኑስ፡ ሰዲህኤ መልክዑ፣ ቅርጽን ትሕዝትኡን (እቲ ናይ ክልተ ድሕረ-ባይታታት ዘካተተ ውህደትን ንሱ ዝፈጠሮ ክውንነትን) ሒዙ ተልእኽኡ ንምዕዋት ንቕድሚት ይምርሽ ኣሎ።*

*እንተ እቲ ንዓመጽ ኣይፋል ምባል ፍትሒ ዝለዝኾነ፡ ንፍትሓዊ ቃልሲ መሰረታትና ዝዓግቶ ሓይሊ ስለዘይነበረ "ሓድነት ሰዲህኤ" ድሒኑ ኣሎ፡ ሰዲህኤ ካኣ ቃልሱ ይቕጽል (7ይ ክፋል ተመልከት)።*


***ሻውዓይ ክፋል 07/12/2017***

***ገብረ ገብረማሪያም (ዶር.)***

## "ሓሉ ዝበልካዮ ኣየጥፍእ፡ ኣጸብቕ ዝበልካዮ ኣየኽፍእ"፡ ካብ ውዕል ሓድነት ዝሃደመ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር

ኣብ ዝሓለፈ *"ሰዲህኤ መን ኢዩ? ኣበይ ከ ኣሎ?"* ኣብ ዝብል ጽሕፈይ፡ ሰዲህኤ ከም "ዝተሰገደ ኣተሓሳስባን" ነቲ ብናይ ክልተ ድሕረ-ባይታ ዝነበሮም ሓይልታት (ህ.ግ.ን ተ.ሓ.ኤ.ን) ብዝተገበረ ሓድነታዊ ኪዳን ዝተፈጠረ ናይ ሓድነት፣ ሰላም፣ ስኒት፣ ብሩህ መጻኢን ተስፋን መንፈስ ዝውክል ክይኑ ስነ-ኣእምራኣዊ መንፈስ እምበር ዝጭበጥን ዝድህሰስን ባእታ (entity) ከምዘኮነ ምግላጸይ ዝዝከር ኢዩ። ሕላገት ሰዲህኤ እቲ ኣካላዊ ውህደት ዘይኮነስ እቲ ኣካላዊ ውህደት ዝፈጠሮ "ዝተሰገደ ኣተሓሳስባ" ከምዝኾነን፡ ሓድነት ሰዲህኤ ከይስበር ክባሃል ከሎ፡ እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ከይጠፍእ ይታዓቀብ ማለት ምኳኑ'ውን ኣብ ጽሕፈይ ኣስፊረ ነይረ። ብተወሳኺ፡ ሰዲህኤ ኣብ'ቶም ነዚ ኣተሓሳስባ እዚ ዝለበሱ ልዕልና-ሕጊ ይከበር፣ ፍትሒ፣ ሓቂን ሓድነትን ይታሓሎ እንዳበሉ፡ መሪሕነት ሰልፊ ዝፈጸሞም ቅዋማዊ ጥሕሰታት ከእርሞምን ንልዕልና-ሕጊ ተገዚኢ ከኸውንን ክቃለሱ ዝጸንሑን ዘለዉን መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት *ከምዝርከብ'ውን* ኣስሚረሉ ነይረ። ሓቂ ብሓቂ ካኣ ብመልክዖም፣ ብስረሖም ይኩን በተሓሳስብኦም ንሰዲህኤ ዝውክሉ መሪሕነት ሰልፊ ዘሳስዮ ተጎላሊ ጉጅለ ዘይኮነስ ንሳቶም ኢዮም። እዚ ተጎላሊ ጉጅለ ብመልክዑ ይኹን ብተግባሩ ንሰዲህኤ ኣይመስልን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንሰውራዊ-ባይቶ ወይ'ውን ንሰልፊ ህዝቢ ክመስል'ውን

ኣይክእልን ኢዩ። እንታይ ክመስሉ እዮም ዝደልዩ ዘለዉ እልኩም ንምፍላጥ ትሸገሩ እንተኮይንኩም፡ ነዛ ኣብ ኣሕቲ ዘላ ቻርት ተመልከቱ፡ ገለ ኣንፈት ትህበኩም ትኸውን ኢያ።




እንተ እቲ ሕጊ ምጥሓስ፡ ኣመል ስለዝኾነ ብዙሕ ከገርመና ዘለዎ ጉዳይ ዝኸውን ኣይመስለንን። እቲ ንድሕሪት ናይ ምምላስን፡ ናይ ምሽላግ (ምጉላል) ድሌትን ተግባራትን'ውን በብጊዚኡ በጨቕ ክብሉን ብግብሪ ክትግበሩን ዝጸንሑ ስለዝኾኑ ንግረመሎም ሓደስቲ ተርእዮታት ኣይኮኑን። ባህርያት ናይ ሓያሎ ኣብ ኣመራርሓ ዝጸንሑን ዘለዉን ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ ዘርእዮ ሓድ ሓቂ እንተሎ'ውን፡ ኣብ ሰልፊ ዘይምርድዳእ ክረአ ከሎ፡ ቀልጢፎም ናብ ናይ *"ጸቢብ-ዓንኬል ፖሊቲካ"* ምእታውን ናይ "ሽሊግ/ምጉላል" መደባት ውሽጢ-ውሽጢ ምትግባ ከምዝጅምሩ ኢዩ። እዛ ኣብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ዝተፈጥረት ዘይሕጋዊት ጉጅለ፡ ነጸብራቕን ውጽኢትን ናይቲ ብመሪሕነት ሰልፊ፡

ብፍላይ ካብ 2ይ ጉባኤ ሰልፊ ጀሚሩ፡ ውሽጢ-ውሽጢ ክግብረ ዝጸንሐ ነጻግን ኣግላልን ናይ ዓመጽ መደባት ኢያ። ዘይሕጋዊት ምዃና ጥራሕ ዘይኮነት፡ ከም ጉላል ጉጇለ መጠም ንሰዲህኤ ዝመስል ምስሊ ይኩን ባህሪ የብላን፡፡ ብሕጋውነት፣ ብምስሊ ይኹን ብባህሪ ንሰዲህኤ ዘውክል እቲ ንሕጋዊት ናይ ዞባ መሪሕነትን ደገፍታን ዝሓዘ ዘይተጎለለ ኣካል ኢዩ። ነቲ ሕላገት ሰዲህኤ ዝኾነ "ሓድነት" ዘዕቖበን ናይ ሰላም፣ ስኒት፣ ብሩህ መጻኢን ተስፋን መንፈስ ዝለበሰን ኣካል እሱ ጥራሕ ስለዝኾነ፡ ሰዲህኤ ኣብኡ ይርኸብ፡ ናይ ሕጅን መጻእን ሰዲህኤ ማለት ካኣ እዚ ኣካል እዝን ኣብ ኩሉ ዓለም ዘለዉ ደገፍቱን እዮም።

እዞም ንሰዲህኤ ከም "ኣካላዊ ውህደት" ገይሮም ዝጥምቱ ኣካላት መሪሕነት ሰልፊ፡ ኣብ ማእገር ኢቲ ብመስርሕ ሓድነት ናይ ክልተ ድሕረ-ባይታ ዝነበሮም ሓይልታት (EDP and EPP) ዝተፈጥረ ኣካላዊ ጥርናፈ ተሓንጊሮም ናብ ኤርትራ ክኣትዉ ኢዩ ነይሩ ትጽቢቶም። እቲ ዘገድሶም ዝነበረ እቲ ኣካልዊ ብቓዓት ጥራሕ እምበር እቶም ዝተፈጥሩ ጸጋታት (ሓድነት ህዝብን ጥራናፈ ቃልስን፣ ሰላም፣ ፍትሒ፣ራህዋ፣ ቅሳነት፣ ብሩህ ናይ መጻኢ ተስፋ፣ ወ.ዘ.ተ. ንምርግጋጽ ዝተፈጥሩ ተኽእሎታት)

ስለዘይነበሩ፡ እቲ እዞም ጸጋታት ኢዚኣቶም ዝሓትዎ ናይ ስነኣእምሮኣዊ ምስግጋር (psychological adjustments) ክገብሩ ኣይካኣሉን። መብዛሕትኦም ነቶም ዝተፈጥሩ ሓደስቲ ናይ ኣታሓሳስባ ጸጋታት ከይለበሱ፡ በተሓሳሰባ ኣብ ዝነበሩዎ (ሰውራዊ ባይቶ/ጀብሃ፣ ወ.ዘ.ተ.) ኮፍ ኢሎም ተሪፎም። ዋላኳ ብኣካል ሰዲህኤ ኢና ይበሉ፡ ብኣተሓሳስባ ሰዲህኤ ከይኮኑ ኢዮም ጸኒሖም። እቲ ኣብ ማእገር ተሓንጊርካ ንኤርትራ ምኻድ፡ ወይ ስለዝደንጎዮም ወይ ኣይካኣልን ኢዩ ኢሎም ስለዝመዘኑ ወይ'ውን ካለእ ሓንጋሪ ኣሎ ኢሎም ስለዝሓሰቡ ግዲ ኩንኖም ሕጂ ነታ ኣካላዊ ጥራነፈ ብምፍራስ ናብ ባዓቶም ክምለሱ ይደልዩ ከምዘለው ንርኢ ኣለና። ሕጂ ናይ መጨረሻ መልክዑ ሒጁ ማለት እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ሰልፊ ናይ ምፍራስ ወስታት ካብ ዝጅምር ነዊሕ ጊዜ ገይሩ ኢዩ። ኣብ ሰዲህኤ ዝጸንሑን ዘለዉን መሰረታውያን ፍልልያት ካብ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ኣተሓሳስባታትን ወስታታን ዝነቕሉ ምኧኖን ዘይሳሓት ሓቂ ኢዩ። ከም ተርእዮታት ብዙሓት ኣብነታት ክጥቀሱ ይካኣል  እኳ እንተኾነ፡ ነዞም ዝስዕቡ ጥራሕ ምርኣይ ኣኻሊ ይመስለኒ፡-

1. መበገሲ ናይቶም ብቐጻሊ ኣብ ርእሲ እቲ ሓደ ወገን (EDP) ካብቶም ንሰዲህኤ ዘቖሙ ሓይልታት ዝስንዘሩ ክስታት (እንታይ ዶ ሒዞምልና ዝመጽ ኣሎ ኢዩ? እንታይ ዶ ገረሙልና ኢዮም? ስም ናይቶም ኣባላቱ ነበር እንዳጠቐስካ፡ እንታይ ዶ ዝገበሮ ኣሎ ኢዩ? ዘይ ውሑዳት ኢዮም፣ ወ.ዘ.ተ) ካብ ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዝብገስ ኢዩ። ከምዚኦም ዓይነት ዘይተወደኑን ዘይፍትሓውያንን ክስታት ዋላኳ ኣብ ብዙሕ ኣገጣሚታት ክውርወሩ ዝስማዕ እንተኾነ፡ እቲ ብኣሰካፊ መልክዑ ዝተገብረ ግን ኣብቲ ኣብ መንበር ሰልፊ ዘካየዶ ናይ ሙሉእ ኣባላት ናይ ፓልቶክ ኣኼባ ኢዩ ነይሩ። መብዛሕቶም ኣባላት መሪሕነት ሰልፍን እዞም ሕጂ ንናይ መሪሕነት ሰልፊ ዘይሕጋዊ ውሳኔታት ዝድግፉ ዘለዉ ኣባላት (እዞም ኣብ ዞባ ኣመሪካ ዘይሕጋዊ ጉጅለ ኣቑሞም ዘለዉ ወስኽካ)፡ ነዘን ክስታት እዚአን ኢዮም ክደጋግሙ ዝዋዓሉ። ሕጽር ብዝበለ፡ ኢድፒ (EDP) ክሕንግር ስለዘይካኣለ ከልግስ ኣልዎ ኢዩ ነይሩ ኢቲ ድልየቶም። ሕጂ ካኣ ንሳ እዮም ዘተግብሩ ዘለዉ።
2. መሪሕነት ሰልፊ ንሓሳባቱ ዘይድግፉ ኣባላትን ታሕተዎት ኣካላትን ሰልፊ ብምድስካልን ስርዒት ሰልፍ ብዘይ ሕጊ ብምፍራስን ነቲ ***"ማዓስ ኢና ምስጓግ ንጅምር"*** ዝብል ጸረ-ኣታሓሳስባታት ሰዲህኤ ዝኾነ መደባቱ የተግብር ኣሎ። ንሰዲህኤ ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ታኣፋፊ ኩነታት ዘብጸሑ ቅጽበታዊ ምኽንያታት (immediate causes) መሪሕነት ነዚ ዘይቁዱስ መደብ ነከተግብር ዝወስዶም ቅዋም ሰልፊ ዝጣሓሱን ልዕልና-ሕጊ ዝረገጹን ውሳኔታትን ተግባራትን ኢዮም። ብጉላባብ ታሓድሶ፡ ብሓስብ ዘይሰማምዕዎም ኣባላት ክኣልዩ ምስጀመሩ፡ ከቢድ ተቃውሞ ካብ መሰረታት ተላዒሉ። መሪሕነት ሰልፊ ኣብ ክንዲ ዝገበሮ ቅዋማዊ ጥሕሰታት ዝእርም፡ ነተን ናይ ምእራም ቃልስታት ክገብራ ዝጸንሓ ታሕተዎት ኣካላት ብዘይ ሕጊ ብምርራስን ዘይሕጋውያን ጉጅለታት ብምቛምን ነቲ ***"ማዓስ ኢና ምስጓግ ንጅምር"*** ዝብል ነጻግን ኣግላልን መድብ የተግብር ኣሎ። ኣቐድም ኣቢሉ፡ ልሉያት ግን ካኣ ዝተፈልየ ድሕረ-ባይታ ዘለውም ኣባላት ሰልፍን፡ ሕጂ ካኣ መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ግዳይ ናይዚ ዓመጸኛ መደብ ምስጓግ/ምድስካል ከምዝኾኑ ክስመረሉ ዘለዎ ሓቂ ኢዩ። እዚ ንሰዲህኤ ብሰንጣቂት ዝሃርም ሓደገኛ ወስታ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ብዝገብሮ ዘሎ ንሕጋዊት መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ብምጉሳይ ዘይሕጋዊት ጉጅለ ብምቛም ናይ መጨረሻ መልኽዑ ሒጁ ይርከብ። ናይ ሰሜን ኣመሪካ ዑደት ኣቦ መንበር ሰልፊ ዓላማ፡ ንሰዲህኤ ናይ ኣካላዊ ምፍራስ እንተነይሩ፡ ዘይሕጋዊት ጉጅልኡ ሕጁ ተዓዊተ እንተበለ ዘገርም ኣይኮነን። እንተ እቲ ጸጋታት ሰዲህኤ ግን ኣይስበር ኣይቁርመም ምስቶም ዝለበሱዎ ዋናታቱ ክነብር ኢዩ።
3. እቲ ብገለ ገለ ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ "***ንሕናን ጋሸን ሰቲትን ኮይና ንሰዲህኤ ክንቅጽሎ ንኽእል ኢና***" እንዳበሉ ዝገብርዎ ኣንጻር ሓድነት ሰዲህኤ ጎስጓስ፡ ኣካል ናይቲ ኣብ (1)ን (2) ዝተገልጹ መደባት ኢዩ። ብቐንዱ ካኣ ካብቲ ኣብ ማእገር እቲ መጻምዲ ሓድነት ዝነበረ ኣካል ተሓንጊርካ ንኤርትራ ናይ ምእታው ትጽቢታት ስለዘይተማለአ፡  ኣብቲ ትጽቢታት ዝተነብሮ ኣካል ቁጠዐ፣ ነድሪን ሕርቃን ስለዝተሰመዖም ብኩሉ ዓቕሞም ተጠቂሞም ነቲ ኣካል ክቐጽዕዎን ኣብ ርእሶሑ ሕነ ክፈድዩን ዘለዎም ድሌታት ኢዩ ዘንጸባርቐ። እዚ ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባታት ካኣ ክብቲ ንሰዲህኤ ከም "ኣካላዊ ውህደት" ጥራሕ'ምበር ከም ናይ "ሓሳባት ውህደት" ዘይጥምት ሸነክ ዝብገስ ኢዩ። እሞ ከምዚ ዓይነት ሓሳባት ዘለዎም ኣካላት፡ ንሰዲህኤ በትና ነናብ ዝመጻናዮ ንመለስ እንተበሉስ ዘገርም ኣይኮነን። ነዚ ከምዚ ዓይነት ዓላማ ንምትግባር ኢዩ'ውን ***"ማዓስ ኢና ምስጓግ ንጅምር ዝብል"*** ነጺጊ፣ ዓማጽን ኣግላልን መደብ ክህንድሱን ከተግብሩን ዝጀመሩ።

እሞ ዳኣ ካብ ከምዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ኣተሓሳስባታት ዘሳሲ መሪሕነት ብጀካ ምፍንጫል ካልእ እንታይ ምጽባይ ይካኣል። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ሰዲህኤ ከምቲ ዋሓለ/ለባም ዝሳኣነ ስርናይ ኢያ ኮይና ጸኒሓ። ሕጂ፡ ከምቲ  ነቓሊኻ መርዓ ኣሎ፡ ተኻሊካ ሞት ኣሎ ዝባሃል፡ ይግበረላ። እንተ እቲ መሪሕነት ሰልፊ ማእከል ዝገበረ ነቶም ሓድነት ሰልፊ ንኽይስበር ፍትሓዊ ቃልሶም ከገብሩ ዝጸንሑን ዘለዉን ናይ ምንዋር ዘመተ፡ ከምቲ ኣቦ ዝብልዎ "ሓሳውን ስንቕን እንዳሓደረ ይፈኩስ" ኢዩ ኢለ ጥራሕ ክሓልፎ። እቲ ሓቀኛ  ቃልሲ ብዝናሃረ መልክዑ ክቕጽል ኢዩ። ቅድሚ ሕጂ ይኹን ንድሕር ሕጂ ንሰዲህኤ ዝቃለሱሉ እቶም ዝለበሱዎ ጥራሕ ስለዝነበሩን ስለዝኾኑን፡ በዚ ሕጂ ዝግበር ዘሎ መሪሕነት ሰልፊ ማእከል ዝገበረ ናይ ምፍንጫል ወስታ ዝዳኸም ሓቀኛ ቃልሲ ኣይክህሉን ኢዩ። ሰዲህኤ ናይ ህዝቢ ሰልፊ ኢዩ፡ ናብ ህዝቢ ዘፋለጥናዮ'ውን ንሕና እቶም ዝለበስናዮ ስለዝኾና፡ እቲ ቃልሲ ክቕጽል ኢዩ፡ ሰዲህኤ ካኣ ክነብር ኢዩ።